
# ዕዉት ኣኼባ ኣብ እንዲያናፖሊስ
# ኢንዲያና ሰሜን ኣሜሪካ ተካይዱ

**ብመጋቢት** 28,2007 (Eritrean and American Exchanging God's Gifts) **ብዝተጸወዔ መደብ** 64 **ግብረ ሰናያት ቤተክርስቲያናት ወ/ሮ ኒና**




**ዛጋሪስ** Mss.Nina Zagaris Development Director and Church Liaiso Exodus Refugee/Immigration, Inc. **ዝኮና ኣብ ዝተረክባሉ ዓቡይ ኣኼባ ሓዉና ኣቶ ኣለም ገ/ሚካኤል ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ም/ወ/ጉዳያት ቤ/ጽ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤሪትራ (ህዲግኤ) ምስ ባዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሂወት ገ/ሚካኤል ብጉዳይ ህዝብናን ሃገርናን ንክገልጹ ብዝተገብረሎም ዕድሜ ተረኪቦም፡ ዊዒሎም።**
**ኣቶ ኣለም ገ/ሚካኤል ኣብ መክፈቲ መደረኡ**

**ኣብዚ ቅዱስን ሰናይን ዝኮነ ኣኼባ ተረኪብና ብጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ኩነታት ንክንገልጽ ቢኣዳላዊት ኣከባ ሽማግለ** North Minster Presbyterian Church **ዝገበርትሎም ዕድሜ ምስጋና ኣቅሪቡ ከምኡ'ዉን ነተን ካብ ዝተፋላለያ ዝመጻ ገብረ ሰናያት ቤተክርስቲያናት ብጉዳይ ጸገማት ስደተኛታት ሽግር ንምፍታሕ ከይተሓለላ ዝገብሮኦ ንዘለዋ ግብረ ሰናይ ጻዕርታት መጎሱኡ ኣቅሪቡ።**
**ኤሪትራ - ካብ ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ሓንቲ ከምዝኮነት ብባሕሪን ብመሬትን ምስ ባዓልመን ከም እትዋደብን ስፍሓታን ብዝሒ ህዝባን ድሕሪ ምግላጽ ሎም ኤሪትራ ሃገርናን ህዝብናን ወሪዱዎ ንዘሎ ኣደራዕን መከራን ን**30 **ዓመታት ዝወሰደ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣካይዱ ብ**1991 **ዓ.ም ነጻነት ሃገሩ ዝጨበጠ ብ**1993 **ዓ.ም ድማ ህዝባዊ ወከሳ** (Referendum) **ኣካይዱ ሉኡላዉነት ሃገሩ ዘራጋገጸ ህዝቢ ምኻኑ**

ገሊጹ። ይኩን ደኣንበር ህዝቢ ዕላምኡ ድሕሪ ነጻነት ምጭባጥ ዲሞክራስያዊ ስርዓት መስሪቱ ሰባኣዉን ዲሞክራስያዉን መሰላትን በሪጌሳዊ ሓርነትን ማዕርነትን ብሄራትን ንምርግጋጽ'ዩ ኔሩ፣ ምስ ኀራባቡቱ'ዉን ሰናይ ጉርብትና መስሪቱ ተዳጋጊፉን ተኻባቢሩን ክነብር ዓቢ ትጽቢታትን ባህግታትን ዝነበሮ ብዲክቶታራዊ ስርዓት ኣስመራ (ህግደፍ) ንሓቀኛ ኸዉንነት ኤሪትራ ነቶም ኣብ ኣህጉራዊ ክልላት ዝተቓላቓሉ ለዉጥታትን ምዕባለታትን ኣብ ግምት ከየእተወ ሰባዉን በሪገሳዊን ፖሎቲካዊን መሰላት ህዝብና ዘዉሕስ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ክንዲ ምትካል ባንጻሩ ዲክቶታራዊ ስርዓት መስሪቱ መሰላት ህዝብና ረጊጹ ኣብ ታሪክ ካብ ባዕዳዊያን መግዛእቲ ዝከፍኤ ኣስካሕካሒ ግፍዕታት ኣብ ሊዕሊ ህዝብና ይፍጽም ከምዘሎ ካብ ጸረ-ዲሞከራስያዊ ባህሪያቱ ተበጊሱ ድማ ቢብሄራዉን ሃይማኖታዊን ባህላዊን ብዙሕነት ዝልለ ሕብረተ-ሰብና ሕድሕድ ምትእምማን ከምዝስእን ብምግባር ሓድነቱ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኣእቲዎ ከምዘሎ ብሰፊሑ ገሊጹ። ቀጺሉ'ውን ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ነዚ ዘሎ ህልዊ ቁጠባዊ ምዕባለ ዓለምና ብምጽራር ገባቲ ሰልፋውን መንግስታውን ቁጠባዊ ፖሊሲ ብምክታል ነቲ ኣፍራዪ ጉልበት ሕብረተ-ሰብና ኣብ ወተሃደራዊ ዕስክርና ቓሪኑ እቲ ቀንዲ ቁጠባዊ ምንጪ ዝኮነ መሬት ኣብ ትሕቲ ባሓቲ መንግስታዊ ዋንነት ብምእታው ንሕዝብና ኣብ ነዳይ መነባብሮን ተጸባይነትን ኣእቲዎ ይርከብ ከምዘሎ ብሰንኪ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ከኽትሎ ዝጸንሐ ዘሎን ተጻባኢ ፖሊሲታት ብሓፋሽ ኣንጻር ኀረባብቲ ሃገራት ብቀጻሊ ዝፈጥሮ ንዘሎ ህውከትን ናይ ኩናት ጻሕታርነትን ከኣ ብፍላይ ንህዝብናን ሃገርናን ለኪሙ ካብ ፈተውቲ ፈጺሙ ተነጺሉ ከምዝርከብ እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ንነጻንትናን ሉኣላውነትናን ዝፈታትኑ ሓደገኛ ስጉምትታት ብዘይ ዕረፍቲ ምውሳዱ ንሃገርና ኤሪትራ ንተደጋጋሚ ሓደጋታት ክትሳጣሕ ገይሩዋ ይርከብ። ዲክቶታራዊ ስርዓት ህግደፍ ከካይዶ ዝጸንሔን ዘሎን ጨቆናን ኣደራዕን ምምሕዳርን ዓማሚ ግህሰት መሰረታዊ መሰላት ወሰን ዘይብሉ ማእሰርትታትን ቅንጸላታትን መዓልታዊ ህይወት ኤሪትራዊ ዜጋ ብምኻኑ ሎሚ ኤርትራዊ ሃገሩ ራሕሪሑ ዝሃድም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቁጸሩ መንእሰያት ሃገርና ናብ ኣፍራይን ተካእን ወለዶ ዘይብላ ኣስጋኢ ኩነታት ተምርሕ ከም ዘላ ህዝቢ ኤሪትራ ድሕሪ 50 ዓመታት ዝወሰደ መሪር ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ኤሪትራ ነጻ ሃገር ዝኾነትሉ ክኸውን እንከሎ በቲ ኻሊእ ወገን ከኣ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዓርዑት ዲክቶተራዊ ስርዓት ዝመሓደረሉ እዋን ዝካየደሉ ዘሎ ቃልሲ እዩ ብምባል ሎሚ ንህዝብና ንምድሓን ንክትትሓባበሩና እኖና ኣብ ቅድሜኹም ነእውየሉ ብፍላይ ድማ ኣብዛ ጊዜ እዚኣ ክሳብ 500 ዝኾኑ መንእሰያትና ነታ ንናይ ሂወት ንምንባር ከም ኣማራጺት ዝወሰድዋ ናይ ስደት መንገዲ ንሊቢያ መንግስቲ ሊቢያ ንኤሪትራ ንኽመልሶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጉንዎም ይርከብ ከም ዘሎ ብምብራህ በቲ ዘለወን ናይ ግብረ ሰናይ ተግባራት ንጉዳይ መሰል ስደተኛታት ንዝጣበቃ ንመድሓን መንእሰያትና ንኽተሓባብራ መጸዋዕትኡ ኣቕሪቡ።

ወ/ሮ ሂወት ገ/ሚካኤል እውን ብወገና ብዲክታቶራዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ደቂንስትዮን መንእሰያትን ዝወርድ ንዘሎ ግፍዕታትን ሽግራትን ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ ኣብ መደብር ስደተኛታት ከይዳ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ኤሪትራውያን ዝገበረቶ ዑደት ከማኡ'ውን ምስ ዕጡቓት ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮ ተራኺባ ብናይ ዓይኒ ምስክር ብቪዲዮን ብስእላዊ ቅርጽታትን ዝተላእል ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣሕዋታ ዝወርደን ንዘሎ ሽግራት ምስ ናይ ተፈጥራዊ ጸገማት ዝገልጹ ብምቅራብ ንሽግር ኣደታትን ህጻናትን ዘብርህ ኣዳሊያ ገሊጻ።

ብተወሳኺ  ወ/ሮ ሂወት ነቲ ኣኸበኛታት ዝምስጥ ምስናይ ባህልናን ልምድናን ንምልላይ መግብን ባህላዊ ዙርያታትን ጥልፍታትን ብጠቕላላ ብኹሉ ናይ ባህላዊ ነገራት መለለይና ቀሪባ ዝገበረቶ ንኣኸበኛ መሳጢ ከምዝነበረ ሓጎሶም ብምስጋና እንዳገለጹ ንጉዳይ ኤሪትራውያን ስደተኛታት ንምትሕብባር ድልውነቶም ገሊጾም።
ብተወሳኺ ወ/ሮ ሂወት ብዕለት 8 መጋቢት (March) መዓልቲ ደቂኣንስትዮ በዓል ምስ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ናይተን ቤትክርስቲያናት ተራኺባ ብጉዳይ ወጽዓታት ኤሪትራውያን ደቂኣንስትዮ ንኽትገልጽ ብዝተገብረላ ዕድመ ተረኺባ ኣብ ውሽጢ ኤሪትራ ይኹን ኣብ ቦታ ስደተኛታት ዝወርደን ዘሎ ኣድራዕን መከራን ብሰፊሑ ገሊጻ። ኣብ መደምደምታ ወ/ሮ ሂወት ንወጽዓ ደቂኣንስትዮ ኤሪትራውያን ኣብ ስደትን እስሪቤታትን ንዝርከባ ንምርዳእ ጻዊዓታ ኣቕሪባ።

ቤት ጽሕፈት ዜና
ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤሪትራ
(ህዲግኤ)
ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን




Mary
Walker